# ኣዛርበኒ ከምኡውን ስምዓኒ !



ውሉድና ምዝራብ ንኪመሃር
ሓገዝ ንኽንገብረሉ ክሕግዙና ዝኽእሉ
12 መምርሒታት

ክሳብ ደቂ 5 ዓመት
ዝበጽሑ ቆልዑት ንዘለውዎም
ወለዲ ዝተዳለወት ብሮሹር

# Impressum

*ሓሳብን እማረን*
© okay. ናይ ሓባር መነባብሮ / ፕሮጀክት ማእከል ናይ ስደትን ውህደትን፣ ቮራልበርግ (Verein Aktion Mitarbeit) ዶርንቢርን (አውስትሪያ) ሕዳር 2008

*ኣሰናዳእቲ ትሕዝቶ*
ኤሊሳቤት ኣልጎር-ሃክል
ጌርሊንድ ሳመር
ኤሊዛቤት ሂንትነር

*ቀንዲ ትሕዝቶ*
ኤሊሳቤት ኣልጎር-ሃክል
ሊድዊና ቦሶ

*ኣሳናዳኢ*
ኤቫ ግራብሄር

ናይዛ ብሮሹር እዚኣ ቀንዲ ትሕዝቶ ካብ ቮራልበርግ ናይ ኦስትሪያ ግዛት "ብዙሕ ምዝራብ፥ ቆልዑት አቐዲሞም ምዝራብ ምኺጅምሩ ከምኡውን ካብ ሓደ ንላዕሊ ቋንቋ ምዝራብ ኒክኽእሉ ምብርትታዕ – ቤተሰባትን ናይ ቀዳማይ ደረጃ ቤት ትምህርቲ ትካላትን ዘጋጠሞም ብድሆ" ብዝብል ኣርእስቲ ኣብ 2008 ካብ ዘካየዶ ፕሮግራም ዝተወሰደ እዩ። ብዛዕባ እቲ መደብ ሓቤሬታ ኣብ፡ www.okay-line.at ክትረክብ ትኽእል።

*ስልጣን ምሃብ ከምኡውን ምምዕርራይ ኣብ ስዊዘርላንድ*
Kanton Luzern, Dienststelle Soziales und Gesellschaft (ቤት ጽሕፈት ማሕበራዊ ኣገልግሎታት፥ ዞባ ሉሰርን) Fachstelle Gesellschäftsfragen (ምቃል ሞያውን ናይ ሕብረተ ሰብ ሕቶታት ዝምልሱ)

*ምምዕርራይ ናይቲ ቀንዲ ትሕዝቶ*
ሳቢን ስኮክ
ሄንዝ ስፒችቲግ- ቦኔታ

*ትርጉም*
ሊንጓ ስዊስ

*ግራፊክስ*
ሱዛን ገሙር፥ ዙሪክ

ብልቓሕ ናይቲ ፌደራላዊ ውህደት ናይ ፌደራላዊ ቤት ጽሕፈት ስደተኛታት ዝሕገዝ (BFM)

ሉሰርን፥ ግንቦት 2010

ካብ ናይ ካንቶን ዙግ መደብ ዕዮ፥ ቋንቋን ትምህርትን 2011 ዝተወስደ

# ዝኸበርኩም ወለዲ፣

ውሉድኩም ናብ እትወልዱሉ ግዜ እንኳዕ ብደሓን በጻሕኩም።። እቲ ክትገብርዎ ዝጸናሕኩም ነዊሕ ትጽቢት ኣብቂዑ ኣሎ።። ኣብ መወዳእታ ኸኣ ንውሉድኩም ኣብ ኣእዳውኩም ሒዝኩም ክትሓቝፍዎ ትኽእሉ ኢኹም።። ካብ ፈተውትኹምን ኣዝማድኩምን ናይ ጽቡቕ ትምኒት መግለጺታት ከም ዝተቐበልኩም ዋላ ሓደ ጥርጥር የብሉን።። ውሉድኩም ከመይ ኢሉ ዓቢ ሰብ ኾይኑ ናብራኡ ከም ዝሰዕርን ከምኡውን ብኸመይ ጽቡቕ ጌርኩም ከም እትሕግዝዎ ውን ኣተሓሳሲቡኩም ኪኸውን ይኽእል እዩ።።

ርግጽ እዩ ከም ወለዲ መጠን ውሉድካ ካብ ኩሉ እቲ ዝበለጸ ኽረክብ ከም እትደሊ ፍሉጥ እዩ።። ብዙሕ ግዜ ቆልዓ ምዕባይ ሓደሽቲ ብድሆታት ኣለውዎ ከምኡውን ሓደ ሰብ ብፍላይ ዓበይቲ ውሳኔታት ንክገብር ኣብ ዝደልየሉ እዋን ኪጻወሮ ዝኽእል ኮይኑ ዘይኪስምዖ ይኽእል።። መብዝሓትኦም ወለዲ ከምዚ ዓይነት ኩነታት የጋጥምዎም እዮም።።

እዛ ብሮሹር እዚኣ “ኣዛርበኒ ከምኡውን ስምዓኒ” ትብል ንሓደ ኣገዳሲ ነገር ሓገዝ ትገብር እያ፣ እሱ ኸኣ ውሉድካ ብንእሽትኡ ምዝራብ ኪመሃር ከሎ ኪትሕግዞ ኮለኻ ብኸመይ ከም እትገብሮ ክትሕግዘካ ኣለዋ።።

እተን ናይ መጀመርያ ዓመታት ናይ ወዲ ሰብ ሂወት ኣገደስቲ እየን፣ ንስኻ ውን ከም ወለዲ መጠን ውሉድካ ምዝራብ ንኪመሃር ከምኡውን ካልኦት ቋንቋታት ንኪመሃር ሓገዝ ክትገብረሉ ትኽእል ኢኻ።። ጽቡቕ ጌርካ ምዝራብ ምኽኣል ከምኡውን ቋንቋታት  ወጻኢ ምፍላጥ ኣብዚ ሕጂ ዘለናዮ ግዜ ኾነ ኣብ መጻኢ ኣብዚ እንነብረሉ ሕብረተ ሰብ ኣዝዮም ኣገደስቲ ነገራት እዮም፣ ከምኡውን ጽቡቕ ስራሕ ንምርካብ ውን እዚ ኣዝዩ ኣድላዪ እዩ።።

ምናልባት ንስኻ በዕልኻ ውን ቋንቋ ጀርመን እንዳተዛረብካ እንተ ዘይዓቢኻ ወይ ኸኣ ምስ ዓበኻ እንተ'ኼንካ ተማሂርካ፣ ውሉድካ ብኸመይ ጌርካ ነቲ ቋንቋ ንኺመልኮ ክትሕግዞ ከም እትኽእል ምፍላጥ ከተሓሳስበካ ይኽእል እዩ።። እዛ ብሮሹር ኣዚኣ፣ ዝተፈላለዩ ሓገዝቲ ምኽሪታት ሒዛ ኣላ፣ ከምኡውን ጠቐምቲ ሓበሬታታት ብዛዕባ ሓደ ውሉድ ክልተ ወይ ሰለስተ ቋንቋታት እንዳተዛረበ ብኸመይ ጌሩ ክዓቢ ከም ዝኽእል ዘርእዩ ነገራት ሒዛትልኩም ተቐሪባ ኣላ።።

ንሓደ ውሉድ ዘረባ ንምምሃር ምሕጋዝ ምኽኣል ማለት ለግጺ ኣይኮነን።። ነዛ ብሮሹር እዚኣ ምስ ኣንበብካያ ክትረኽቦ ኢኻ።። እዚ ኸኣ ናትካ ኢድ ምእታውን ንጡፍ ተሳትፎኻን ዝሓትት እዩ።። ስለዚ ደጋጊምካ ኣንብባ ከምኡውን ምሳኻ ሓዛ።። ንምዕባለ ኣተዓባብያ ውሉድካ ዝሕግዙ ሓደሽቲ ነገራት ብቐጻሊ ክትረክብ ኢኻ።።

ምስ ውሉድካ ጽቡቕ ናይ ምዝንጋዕ ግዜ ኪኾነልካ ንምነ!

# ሄሎ፣ ክትርእየኒ ኣይትኽእልን፣ ግን ይሰምዓካ ኣለኹ !

1

## ትፈልጥ'ዶ ...፧

ዋላ ኣብ ግዜ ጥንሲ ናይ ውሉድካ ናይ ምዝራብ ክእለት ክተማዕብል ከም እትኽእል

## እቶም ክኢላታት እንታይ ይብሉ፧

ኣብ ራብዓይ ወርሒ ናይቲ ግዜ ጥንሲ ጀሚሩ፣ እቲ ዕሸል ድምጺታት የለሊእዩ፣ ብፍላይ ኸኣ ናይ ኣዲኡ።

ምኡዝ ዜማ ናይ ቋንቋ ኣደ ነቲ ዕሸል ቅድሚ ምውላዱ ጽልዋ ይገብረሉ እዩ። ብተወሳኺውን ገና ኣብ ውሽጢ ከብዲ ኣደ ወሎ ኾይኑ ሙዚቃን ድምጺታትን የለሊ እዩ።

ወለዲ ንደቆም ኣብ ግዜ ንእስነቶም እቶም ዝበለጹ ኣገደስቲ ኣርኣያታት እዮም። ስለዚ ኣየናይ ቋንቋ ወይ ኣየኖት ቋንቋታት ተጠቂሞም ምስ ውሉዶም ኪዛረቡ ወለ ገና ካብ ግዜ ጥንሲ ኸሎ ጀሚሩ በየናይ ከምዘዛርብዎም ኪሓስቡሉ ይግባእ።

## ዕለታዊ ምኽሪታት፡ ንውሉድካ እንታይ ክትገብር ከም እትኽእል!

ገና ኣብ ግዜ ጥንሲ ኸሎ ንውሉድኪ ብዛዕባ እቲ እትነብርሉ ዓለም ንገርዮ። እንታይ ከም ዘለዓዓለኪ' ውን ንገርዮ።

እዞም ዝስዕቡ ርእይቶታት ኣየናይ ቋንቋ ወይ ኣየኖት (ቋንቋታት) ተጠቒምካ ንውሉድካ ኣብ ገዛ ክትዛረቦ ከም እትደሊ ንኽትውስን ኪሕግዙኻ እዮም፣

ንውሉድካ ብዝጠዓመካ ቋንቋን ኣጸቢቕካ ብእትኽእሎን ቋንቋ ኣዛርቦ ኢኻ። ንውሉድካ በዚ ኸኣ ቋንቋ እቲ ዝሰፍሐ ኣገላልጻ ቃል ክተርእዮ ትኽእል ኢኻ፣ እዚ ኸኣ ንውሉድካ ዳሕራይ ኣብ ሂወቱ ሙሉእ ኪመሃሮም ንዝኽእል ካልኦት ቋንቋታት ጽኑዕ መሰረት ኪኾኖ እዩ።

እንድሕር ከም ወለዲ መጠን ዝተፈላለዩ ቋንቋታት ጽቡቕ ጌርካ ትዛረብ ኼንካ፣ እዚ ንውሉድካ ዓቢ ዋጋ ዘለዎ ኣገዳሲ መጀመርታ እዩ። ነፍሲ ወከፍ ወለዲ ብናይ መበቆል ዓዱ/ዳ ቋንቋ ክዛረብ ይግብኦ/ኣ፣ እዚ ኸኣ ናይ ክልተ ቋንቋታት ተዛረብቲ መርኣያታት ኣለውዎ ማለት እዩ።

ኣብ ገዛ በየናይ ቋንቋ ከም እትዛረቡ ኣመልኪቱ እትገብርዎ ውሳኔ እንታይ ከምዝኾነ ብዘየገድስ፣ እቲ ቀንዲ ኣገዳሲ ጉዳይ ግን ውሉድካ ቋንቋ ናይቲ ዓዲ፣ ቋንቋ ጀርመን ምምሃሩ እዩ። ኣብዚ ብሕታዊነት ንኸይስምዓካ፣ ኣዕሩኽ ከተጥሪ ከምኡውን ጽቡቕ ናይ ትምህርቲ ዕድል ንኽትረክብ ጽቡቕ ክእለት ቋንቋ ጀርመን የድሊ እዩ። ዋላ ውን ኣብ ገዛ ብኻልእ ቋንቋ እንተ ተዛረብካ ውሉድካ ግን ጽቡቕ ገይሩ ቋንቋ ጀርመን ኪመሃር ይኽእል እዩ።

# ናይ ኣደይ ቋንቋ ደሓን እዩ! – ናይ ኣቦይ ቋንቋ ደሓን እዩ!

ትፈልጥ’ዶ ...፧

ብናይ መበቆል ዓድኻ ቋንቋ እንድሕር ኣዛሪብካዮ ውሉድካ ብዝበለጸ ክመሃር ይኽእል’ዶ፧

## እቶም ክኢላታት እንታይ ይብሉ፧

ብሓፈሻኡ፣ ንናይ ምዝራብ ክእለት ምምሕያሽ ሓዊስካ፣ ጽቡቕ ስምዒታዊ ምርድዳእ ዘለዎ ርክብ ኣገዳሲ መሰረት እዩ። ወለዲ ብዝደለይዎ ቋንቋ እንተ ኣዛሪብዎ እቲ ቆልዓ ክርድኦ ይኽእል እዩ።

እቲ ብዝሓሸ መንገዲ ብወለዲ ኣቢሉ ዝዝረብ ቋንቋ ነቲ ውሉድ ኪመሓላለፈሉ ከሎ፣ ንናይ ቋንቋ ክእለቱ ምምሕያሽ ዝለዓለ ይገብሮ እዩ።

እቲ ዝበለጸ መሰረት ካልኣይ ቋንቋ ንምምሃር፣ ቋንቋ ኣደ ጽቡቕ ጌርካ ምዝራብ እዩ። ነፍሲ ወከፍ ቋንቋ ናብ ውሉድና ብዘረባ ጌርና ከነመሓላልፎ እንኽእል ፍልጠት፣ ብዛዕባ እዛ ዓለም እዚኣ ሒዙ ኣሎ።

## ዕለታዊ ምኽሪታት፡ ንውሉድካ እንታይ ክትገብር ከም እትኽእል!

ንውሉድካ ጽቡቕ ጌርካ ብእትኽእሎ ቋንቋ ኣዛርቦ ኢኻ።

ንውሉድካ ብዙሕ ኣዛርቦ ከምኡውን ምስኡ ንምዝርራብ ኸኣ ግዜ መድብ።

ኣብ ዓድኻ ዝንገሩ ጽውጽዋያት፣ መዝሙራትን ከምኡውን ናይ ቆልዑት ጸወታታት፣ ብዛዕባኻን ከምኡውን መበቆል ዓድኻ ሓደ ሓደ ነገራት ንገሮ። እዚ ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ፣ ምኽንያቱ ቆልዑት ነዞም መሰረታት እዚኣቶም ይደልይዎም እዮም።

ውሉድካ ካልኦት ቋንቋታት ንምፍላጥ ጻዕሪ ንኽገብር ኣተባብዓዮ ኢኻ። ጽቡቕ ኣርኣያ ኹኖ! እንድሕር ንውሉድካ ዘረባ ምኽኣል፣ ካልእ ቋንቋ ምምሃር፣ ናትካ ቋንቋ ምዕባይ ኾነ ወይ ንቋንቋ ጀርመን ዘሎካ እወንታዊ ኣመለኻኽታ ኣርኢኻዮ፣ እዚ ኣመለኻኽታ ናብ ውሉድካ ኪመሓላለፍ እዩ።

# ከምዘለኹዎ ተፋታዊ እየ!

ትፈልጥ'ዶ ...፧

ርእሰ ተኣማንነት ንናይ ውሉድካ
ናይ ምዝራብ ክእለት ንምዕባይ
እቲ ዝበለጸ መሰረት እዩ፧

## እቶም ክኢላታት እንታይ ይብሉ፧

ሓደ ቆልዓ ብሓፈሻ ንዕብየቱ ኾነ ከምኡውን ብፍላይ ኽኣ ምዝራብ ንምኽኣል ኣብ ዚወስዶ ትምህርቲ፣ ፍቕራዊ ሓልዮት ናይ ወለዱ የድልዮ እዩ። እቲ ቆልዓ ርእሰ ተኣማንነቱ ንኸዕቢ ከምዝፍቶን ብኻልኦት ሳባት ኽኣ ተቐባልነት ከምዘለዎ ክርኢ ክሰምዖን ክኽእል ኣለዎ። እዚ መረጋገጺ ኽኣ ንዕብየቱ እቲ ቀንዲ መፍትሕ እዩ።

ሓደ ቆልዓ ድሕነት'ውን የድልዮ እዩ። ሓደ ሓደ ግዜ'ውን ወለዲ ግዜ ክስእኑ ከምዚኽእሉ ሕጂ ክሰምዕዎ ከምዘይክእሉ ዳሕራይ ግን ኣቓልቦ ከምዚረክብን ከምዚሰምዕዎን ክርዳእ ይግባእ። ሓደ ነገር ንምንታይ ከምዚግበር ክመሃር ወይ ንምንታይ ኪግበር ከምዘይከኣል ክርዳእ ይግባእ።

## ዕለታዊ ምኽሪታት፡ ንውሉድካ እንታይ ክትገብር ከም እትኽእል!

እቲ ዕለታዊ ዝግበር ልማድ ምስ ውሉድካ ሓሳብ ክትለዋወጥ ከምኡውን ክትዘራረብ ኣጋጣሚታት ቀሪቡልካ ኣሎ። እዚ ኽኣ ካብ መጀመርታ መዓልቲ ናይ ሂወቱ ጀሚርካ ክትገብሮ ትኽእል ኢኻ፣ ክትገብሮ ውን ይግበኣካ እዩ።

እንታይ ትገብር ከምዘለኻ ግለጸሉ። ነቲ ዘውጽኦ ድምጺ መልሲ ሃቦ ከምኡውን ከምዝተሓጎስካ ኣርእዮ።

ውሉድካ ንዘይተወሰነ ግዜ ኣይትንጸጎ። ምኽንያቱ እዚ ኽኣ ተጠራጣሪ ይገብሮ እዩ። ዝኣተኻሉ መብጽዓ እንድሕር ኣሎ ግበረሉ።

ንውሉድካ ስምዓዮ፣ ኣዛርቦ ከምኡውን ናእዳኻ ግለጸሉ! ኩነታት ምስ ዝረኣዮም ነገራት ንኽዛምድ ግደፎ። ንኽዛረብ ፍቐደሉ ከምኡውን ኪዛረብ ከሎ ኣይተቋርጾ።

# ኣብ ኣእምሮይ ንኽልተ ወይ ልዕሊኡ ዝኾኑ ቋንቋታት ዝኸውን ቦታ ኣሎ !

ትፈልጥ'ዶ ...፧

4

ንሓደ ቆልዓ ክልተ ወይ ልዕሊኡ ዝኾኑ ቋንቋታት እንዳተዛረበ ምዕባይ ኣይከብድን፧

## *እቶም ክኢላታት እንታይ ይብሉ፧*

ቆልዑት ክልተ ወይ ልዕሊኡ ቋንቋታት እንዳተዛረቡ ምዕባይ ጸገም የብሎምን – ብሚልዮናት ዝቑጸሩ ቆልዑት፡ መዓልታዊ ብዙሕ ቋንቋታት ኣብ ዝዝረበን ሃገራት እዮም ዝነብሩ። ዕብየት ናይ ሓደ ቆልዓ በዚ ኣይዕገትን እዩ።

ብዙሕ ቋንቋ ዝዛረቡ ቆልዑት ልክዕ ከም ሓደ ቋንቋ ዝዛረቡ ሰባት ይዓብዩ እዮም፡ እዚ ግን ኪኸውን ዚኽእል ብዝተፈላለየ መንገዲ እዩ። ገሊኦም ብንእሽትኦም ምዝራብ ይጅምሩ፡ ገሊኦም ጸኒሖም ይጅምሩ፡ ገሊኦም ብዙሕ ተዛረብቲ ይኾኑ፡ ገሊኦም ኸኣ ቁሩብ ተዛረብቲ ይኾኑ።

ኣብ ቆልዓ ዘሎ ናይ ምዝራብ ዕብየት ንጡፍ እዩ። ኹሉ ግዜ ሓድሽ ነገር ከጋጥሞ ከሎ ቀልጢፉ ይመሃር ሽው ኸኣ ምስቲ ኣቐዲሙ ዝፈልጦ የወሃህዶ። እቲ ምትሕውዋስ ናይ ዝተፈላለዩ ቋንቋታት እምበኣር ምስዚ ዕብየት ዝተኣሳሰረ እዩ።

ፍሉይ ኣቓልቦ ወይ ምምኻር ሓኪም ኾነ ከምኡውን ክኢላ ዘድሊ እቲ ቆልዓ ዕብየት ከርኢ እንተ ዘይክኢሉ ወይ ምዝራብ ጠጠው እንተ ኣቢሉ ጥራሕ እዩ። ቆልዑት ሓደ ቋንቋ እንተ ኾይኖም ዝዛረቡ፡ ብኹሎም ቋንቋታት ፍሉይ ሓገዝ የድልዮም ማለት እዩ። እዚ ኸኣ ወለዲ ብዝተፈላለዩ መንገዲታት ዕዉት ምእንቲ ኪኸውን ሓገዝ ክገብሩሉ ይኽእሉ።

## *ዕለታዊ ምኽሪታት፡ ንውሉድካ እንታይ ክትገብር ከም እትኽእል !*

ዉሉድካ እተዕብዮ ብናይ ቋንቋ ኣደ ናትካ ጌርካ እዩ ኢልና ንሕሰብ፡ ንኣብነት፡ ቱርኪኛ፡ ቋንቋ ናይ ቦዝኒያ፡ ክሮኦሺያ፡ ሰርቢያ፡ ኩርድ፡ ሩስያ፡ ስጳኛ...፡ ከምኡውን ኣብ ጎረባብትኻ ዝዝረብ ቋንቋ፡ ቋንቋ ጀርመን እዩ ኢልና ንውሰድ።

ንውሉድካ ብቛንቛኻ ጌርካ ኣዛርቦ ። ምስ ቋንቋ ጀርመን ጌሮም ዝዛረቡ ጎረባብትኻ ርክብ መስርት። ውሉድካ ቋንቋ ጀርመን ጌሮም ዝዛረቡ ኣዕሩኽ ንኽጥሪ ኣተባብዓዮ ። ንውሉድካ ናብ ጉጅለ ጸወታ ወይ ናብ ቤት ትምህርቲ ህጻናት ስደዶ። እዚ ኸኣ ዕብየቱ የቐልጥፎ። እቲ ብቑልጡፍ ቋንቋ ጀርመን ምስ ዝዛረቡ ቆልዑት ርክብ ዝገበረ፡ ካልኣይ ቋንቋ ምምሃር ዝቐልጠፈን ዝቐለለን ይኾነሉ።

ክልቴኹም ወለዲ ጽቡቕ ጌርኩም ክልተ ቋንቋ ትዛረቡ'ዶ፧ በዚ መንገዲ እቲ ቆልዓ ናይ "ኣደ ቋንቋ" ከምኡውን ናይ "ኣቦ ቋንቋ" ናይ ምምሃር ተኽእሎ ኣለዎ ማለት እዩ። ግልጺ ዝኾኑ ናይ ኣዘራርባ ሕጊ ክትጥቀም ኮለኻ ጥንቃቐ ውሰድ። እዚ ኸኣ ብፍላይ ንናኣሽቱ ቆልዑት ኣገዳሲ እዩ። ኣደ ናታ ናይ "ኣደ ቋንቋ" ትዛረብ ከምኡውን ኣቦ ናቱ ናይ "ኣቦ ቋንቋ" ይዛረብ። እዚ ኸኣ እቶም ቋንቋታት ነፍሲ ወከፎም ነቲ ቆልዓ ምስ ዝተፈላለዩ ውልቀ –ሰባት ንኪራኸብ የኽእልዎ። ከምኡውን ነቶም ቋንቋታት ፈላልዩ ንኽርድኦም ይሕግዞ።

(ኣየናይ ቋንቋ ንምጥቃም ከምትመርጽ ውን በዞም ዝስዕቡ ኩነታት ተደሪኽካ ክትመርጽ ትኽእል፡ ኣብ ዕለታዊ ኩነታት ነቲ ሓደ ቋንቋ ክትመርጽ ትኽእል፡ ብተወሳኺ ኣብ ግዜ መግቢ ወይ ዕዮ ገዛ ኣብ እትሰርሓሉ እዋን ወይ ናይ "ደሓን ሕደር ጽውጽዋይ" ኣብ እተዕልለሉ እዋን ኸኣ እቲ ሓደ ቋንቋ ክትመርጽ ትኽእል። እዚ ኸኣ "ናይ ቋንቋ ደሴታት ምፍጣር ይበሃል" ።)

ውሉድካ ሓደ፡ ክልተ ወይ ሰለስተ ቋንቋታት ኪዛረብ እንተ ደሊኻዮ፡ ብዙሕ ግዜ ከተዛርቦ፡ ክትሰምዖ ኮለኻ ዕጉስ ክትከውን ከምኡውን ክትንእዶ ይግባእ !

# ኣዛርበኒ ከምኡውን ስምዓኒ !

**ትፈልጥ'ዶ ...፧**

**ጽቡቕ ናይ ምስማዕ ክእለት ዘለዎም ቆልዑት ጥራይ ድዮም ጽቡቕ ጌርካ ምዝራብ ክመሃሩ ዝኽእሉ፧ ሓደ ቆልዓ ንዓው ዝበሉ ድምጺታት ቅልጡፍ መልሲ ኪህብ ከሎ ኣድሂብካሉ ትፈልጥ'ዶ፧**

## *እቶም ክኢላታት እንታይ ይብሉ፧*

ጽቡቕ ናይ ምስማዕ ክእለት ጽቡቕ ጌርካ ንምዝራብ ዘኽእል ሓደ ኩነታት እዩ። ሓደ ጥዑይ ህጻን ድሕሪ ሹዱሽተ ኣዋርሕ እንዳተኾለተፈ እንዳወሰኸ ይዛረብ፣ ድምጺታት የውጽእ ከምኡውን ንበይኑ "ይዛረብ"፣ ከምዚ እንተዘይ ጌሩ ግን ናይ ምስማዕ ክእለቱ ክምርመር ይግባእ።

ቆልዑት ዋላ ትሑት ናይ ምስማዕ ክእለት ዘለዎም ኣብ ቀዳሞት ኣዋርሖም ድምጺ የውጽኡ፣ ድሕሪኡ ጸኒሑ ግን እንዳቐነሰ ይመጽእ።

ብዝተወሰነ መጠን ዓው ብዝበለ ድምጺ ምዝራብ ናይ ሓደ ዕሸል ኣቓልቦ የላዕሎ እዩ። እዚ ኸኣ ወላ ኣብ ቀዳሞት ናይ ንእስነቱ ዕድመ  ዝርከብ ይኹን ናይ መጀመርያ ስሓቑ የላዕሎ እዩ።

## *ዕለታዊ ምኽሪታት፡*
## *ንውሉድካ እንታይ ክትገብር ከም እትኽእል !*

ንውሉድካ ብፍላይ ድሕሪ ሽዱሽተ ወርሑ ብጥንቃቐ ተዓዘቦ ኢኻ። ንድምጺታት መልሲ ይህብ'ዶ፧ እንተ ጸዊዕካዮ ክሳዱ ኣዚሩ ይርኢ 'ዶ፧

ናይ ሙዚቃ ሳንዱቓት ከምኡውን ኮሻሕሻሕ ዝብል ድምጺታት ንሓደ ቆልዓ ብፍላይ ኣቓልቦኡ ንምስሓብ ምቹኣት እዮም።

ጽቡቕ ናይ ምስማዕ ክእለት ከም ዘለዎ ንምፍላጥ መብዛሕትኡ ግዜ ምስ ውሉድካ ክትዛረብ ኮለኻ መብዛሕትኡ ግዜ እስኻ ተዛረብ ኢኻ።

እቲ ውሉድካ ዘውጽኦ ድምጺታትን ተኾላቲፉ ዝዛረቦን ቅድሓዮ ። እንታይ ትገብር ከምዘለኻ'ውን ነቲ ንእሽተይ ቆልዓ ንገሮ። መዝሙራትን ግጥሚታትን ብኹሎም ቆልዑት ኣዝዮም ተፈተውቲ እዮም።

ዝኾነ ናይ እዝኒ ሕማም እንተ ኣጋጢሙ ነቲ ህጻን ወይ ውሉድካ ከም ዝርኣ ግበር፣ ከምኡውን ኣብቲ ሕብረተ ሰብ ናብ ዘሎ ቤት ጽሕፈት ናይ ወለዲ ኣማኻሪ ወይ ናብ ሓኪምካ ኺድ።.

5

# ባዕላይ ክገብሮ እየ !

ትፈልጥ’ዶ …፧

**ምዝራብ ብዅሉም ናይ ስምዒት ህዋሳት እዩ ዝመሃር፡ ምስማዕ ጥራይ ኣይኮነን እቲ ኣድላዩ ነገር ከም መድህሳስ፣ ምርኣይ፣ ብተግባር ምርኣይ፣ ምትሓዝ፣ …**

## እቶም ክኢላታት እንታይ ይብሉ፧

ምስማዕ፣ ምርኣይ፣ ምድህሳስ፣ ምንቅስቓስ፣ ምጭባጥ፣ ምንቅስቓሳት ምስትብሃል፣ ብዛዕባ ስሕበት ብተግባር ምርዳእን ካልኦትን ንሓደ ቆልዓ ንኺፈልጥን ንኺርዳእን ክሕግዝዎ ይኽእሉ እዮም። እዚ ኸኣ ስምዒታዊ፣ ኣእምሮኣዊን ማሕበራዊ ክእለታቱን ከምኡውን ናይ ምዝራብ ክእለቱን ንኸዕቢ ይሕግዞ።

ውሉድካ ነገራት ብኢዱ ክሕዝ ከሎ እንታይ እዩ “ልሙጽ” ወይ “ሓርፋፍ” ይርድኦ እዩ። መግቢ ክጥዕም ኸሎ ኸኣ ኣየናይ “ምቁር” ከምኡውን “መጺጽ” ኣየናይ ከምዝኾነ ይመሃር። ኪንፋሖኽ ኪጅምር ከሎ ኸኣ ኩርንዓትን ጫፋትን ኣየኖት ከምዚኾኑ ይመሃር። በዚ መንገዲ ምስ ቃላት ዝተተሓሓዙ ኣእምሮኣዊ ርድኢታቱ ኪሃንጽ ይኽእል።

## ዕለታዊ ምኽሪታት፡ ንውሉድካ እንታይ ክትገብር ከም እትኽእል!

ውሉድካ ኣብ ኣእዳውካ ሒዝካ ሕቘፎ ከምኡውን ምሕቛፉ ደስ ከምዚብሎ ግበር።

ውሉድካ ሓደ ሓደ ነገራት ንኺጭብጥ፣ ብኢዱ ሒዙ ንኽፍንዎ ፍቐደሉ! ብኣፉ ንኪነኽሶ ዝኾነ ነገር ሃቦ! ኹሉ ብዝተኽኣለ መጠን ባዕሉ ፈቲኑ ንኽርድኦ ሕደጎ!

ቁሩብ ምስ ዓበየ ኸኣ፣ ብዙሓት ምንቅስቓሳት ባዕሉ ንኽገብር ሕደጎ፣ ኣብ ገዛ ፉሒግ ኢሉ ክኸይድ፣ ኣብቲ መጻወቲ ባይታ ወይ ኣብቲ ጀርዲን፣ ብእግሩ ኪኸይድ፣ ብሓመድ ወይ ብማይ ኪጻወት፣ ዓው ኢሉ ኪጽውዕ ከምኡውን ክደርፍ፣ መግቢ ኣብ ምኽሻን ኪሕግዝ፣ ጠረጴዛ ከዳሉ፣ ኣብቲ ጀርዲን ኪዅዕት፣ ኪተክል ባዕሉ ሕደጎ። እዚ ኸኣ ነቲ ቆልዓ ብንእሽተኡ ነብሱ ክኢሉ ንኽሰርሕን ጸኒሑ ኸኣ ትምህርቲ ቀሊል ከምዝኾነሉ ይገብር እዩ።

6

# ካብቲ እትሓስቦ ንላዕሊ ክሰርሕ ይኽእል እየ !

ትፈልጥ’ዶ ...፧

ኣብ መንጎ ምንቅስቃስ፣ ጸወታ፣ ጥዑይ ኣመጋግባ፣ ድምጺ ናይ ስኒ ዘይብሎም ምንጋጋታት ከምኡውን ምዕባይ ክእለት ዘረባ ቆሎዓን ርክብ ኣሎ፧

## እቶም ክኢላታት እንታይ ይብሉ፧

ቆልዑት ጸወታን ምንቅስቓሳትን ኪገብሩ ይደልዩ እዮም። ናይ ምዝራብ ክእለቱ ንኸዕቢ እቲ ቆልዓ ብዙሕ ምልምማዳት ኪገብር ኣለዎ። ንኪኸይድ፣ ንኪጎዩ፣ ንኪዘልል፣ ንኪስዕስዕ፣... ምዝራብን ምንቅስቓስን ውን ምስ እዚኣቶም ተጠቓሊሎም ኪፍቀድሉ ይግባእ።

ናይ ቆልዓ ምንቅስቓሳት ብፍላይ ጽቡቕ ናይ ኣጻብዕቲ ምንቅስቓስ፣ ምስ ጸወታ ብትኽክል እንተ ጌሩ፣ ናይ ኣፍን መልሓስን ምንቅስቓሳት ’ውን ትኽክል ይኾኑ።

እቲ ቆልዓ ምእንቲ ጽቡቕ ጌሩ ኪዛረብ ኣስናኑ ብትኽክል ኪሰርዑ ይግባእ። ንጹር ኣዘራርባን ኣጸሓሕፋን ክፍሊ ጽቡቕ ክእለት ናይ ቛንቋ እዩ።

## ዕለታዊ ምኽሪታት : ንውሉድካ እንታይ ክትገብር ከም እትኽእል !

ውሉድካ ሕጽር ዝበሉ መንደቓት ተደጊፉ ኪኸይድ ሕደጎ፣ ብኣጻብዕቱ ኪምገብ፣ ስትሮው ጌሩ ክሰቲ፣ ኵዕሶ ነፊሑ ክጻወት፣... ብዙሕ ግዜ ናብ መጻወቲ ቦታ ኪኸይድ ከምኡውን ናብ ተፈጥሮኣዊ ቦታ ኪኸይድ ሕደጎ። ሓደ ሓደ ነገራት ምስ ውሉድካ ብሓባር ስርሓዮም፣ መቐስ’ውን ብኢዱ ኪሕዝ ግደፎ። እዚ ኸኣ ምስኡ ስለዘለኻ ዝኾነ ዝኸፍአ ሓደጋ ከብጽሕ ኣይክእልን። እዚ ኸኣ ነቲ ቆልዓ ምንቅስቓሳት ብትኽክል ንኪመሃር ከምኡውን ኣተሓሳስብኡ ከምዘዕቢ ይገብሮ።

እቶም ኣስናኑ ትኽ ኢሎም ይዓብዩ ከምዘለዉ ኣጻሪ ። ውሉድካ ክሳብ ወዲ ሰለስተ ዓመት ዝኸውን ባምቡላ ኪጠቡ ግደፎ።

ጥዑይ ኣመጋግባን ከምኡውን ኣብ መንጎ ኣስናኑ ዝሕይኾም ነገራት ምሃቡ ኣድላዪ እዩ። .

ውሉድካ ሽኮራዊ መስተታት ኪሰቲ የብሉን። ንኸምዚኣቶም ዓይነታት መስተ ኪጥቀም ኣይትፍቀደሉ !

7

# ምሳይ ትጻወት ዲኻ፧

**ትፈልጥ'ዶ ...፧**

**ኣብ ነፍሲ ወከፍ መዓልቲ ብሓባር ምጽዋት ከምኡውን ብሓንሳብ ምዝራብ፣ ኣብቲ ናይቲ ቆልዓ ናይ ምዝራብ ክእለት ንምምዕባል ዝግበር ዓብይ ለውጢ ክምጽእ ይኽእል፧**

## *እቶም ክኢላታት እንታይ ይብሉ፧*

ንውሉድካ ብጸወታ ኾነ ብዘረባ ብዝሓዝካዮ መጠን፣ ናይቲ ቆልዓ ኣእምሮ ውን ዝተፈላለዩ ቅርጽታትን መርበባትን ይፈጥር እዩ። እዞም ቅርጽታትን መርበባትን ኣብቲ ናይቲ ቆልዓ ናይ ምዝራብ ክእለት ኾነ ዳሕራይ ኣብ ቤት ትምህርቲ ኪመሃር ከሎ ኣድለይቲ ነገራት እዮም።

ብሓደ ወይ ካብኡ ንላዕሊ ብዝኾኑ ቋንቋታት ብተደጋጋሚ ምስምዑ ወይ ምዝራቡ ነቲ ቆልዓ ናይ ነፍሲ ወከፍ ቋንቋ ሕጊ ንኺፈልጥ የኽእሎ እዩ። እቲ ቆልዓ ቃላት፣ ሰዋስው ከምኡውን ምስ ካልኦት ሰባት ብትኽክል ምዝራብ ይመሃር። እዚ ኸኣ ብቐጻሊ ነቲ ትምህርቲ ናይ ነፍሲ ወከፍ ቋንቋ "ክምገቦ" የድልዮ ከምኡውን ብዝተኽኣለ መጠን ኪሰምዕን ኪዛረብን የድልዮ።

## *ዕለታዊ ምኽሪታት፡ ንውሉድካ እንታይ ክትገብር ከም እትኽእል!*

ኣቀማምጣኻ ማዕረ ፊት ንፊት ዓይኒ ናይ ውሉድካ ይኹን። ብቐጥታ ኣዛርቦ – እንተወሓደ ኣብ ነፍሲ ወከፍ መዓልቲ ንርብዒ ሰዓት ኣዛርቦ!

ብዛዕባ ዕለታዊ ምንቅስቓሳት ኣዛርቦ – ንኣብነት ጫምኡ ከተውጽኣሉ ኮለኻ ወይ ጃኬቱ፣ ሻሂ ክትህቦ ኮለኻ፣ ናብ ዓራት ኪኼይድ ከሎ፣... መምርሒታትን ትእዛዛትን ምሃብ ጥራሕ እኹላት ኣይኮኑን!

ጽቡቕ ክእለትን ናይ ቃላት ፍልጠትን ምእንቲ ከማዕብል ዝተፈላለየ ኣገላልጻ ተጠቐም፣ (ንኣብነት ሓደ ነገር ንምግላጽ ዝተፈላለዩ ቃላት ተጠቐም፡ ውቁብ፣ መልክዐኛ፣ ጽቡቕ ...)

ግጥሚታትን መዝሙራትን ኣብ ኩሉ ከባቢ ዕድመ ንዝርከቡ ህጻናት ናይ ቃላት ምፍላጥ ክእለቶም ንምምሕያሽ ጽቡቕ ምንጪታት እዮም። ኣብ ግዜ ቁልዕነትካ ዝነበሩ ግጥሚታትን መዝሙራትን ክትዝክር እንተ ዘይክኢልካ፣ ንወለድኻ ወይ ናይ ቀደም መሓዙትካ ሕተት ወይ ካብ መጻሕፍቲ ተወከስ። ወይ ኸኣ ናይ ባዕልኻ ግጥሚታትን ጽውጽዋያትን ግበር።

8

# ኣነ ጥራሕ ክዛረብ !

ትፈልጥ’ዶ …፧

ሓደ ሰብ ቆልዓ ኪዛረብ ከሎ ብቐጻሊ ክእርሞ ወይ እቲ ዝበሎ ንኺደግሞ ኪገብር የብሉን፧

## እቶም ክኢላታት እንታይ ይብሉ፧

መኣረምታ ምሃብ ንምዝራብ ዘለዎ ድሌት ከምዚቕንስ ይገብር፡፡ እቲ ዝበለጸ ውጽኢታዊ መንገዲ “ምድግጋም ምእራም” እዩ፡፡

ኹሉ ግዜ ቆልዑት ኪገብርዎ ዝኽእሉ ነገር ብምልኡ ኣየርእዩን እዮም፡፡ ብዙሕ ግዜ ብዙሕ ነገር ተረዲኦም እንተኾነ እቲ ዝዛረብዎ ቁሩብ እዩ፡፡ ልክዕ ከም ዘርኢ ንምዕባይ ግዜ የድልዮም እዩ፡፡

ቆልዑት ክልተ ቋንቋ እንዳተዛረቡ እንተ ዓብዮም፡ እቲ ሓደ ቋንቋ ዝዛረቡሉ ተኽእሎ ካብቲ ሓደ ቋንቋ ዝሓሸ ኪኸውን ይኽእል እዩ፡፡ እዚ ኸኣ ዳሕራይ ኣብ ኩነታት ኣድላይነት ናይቲ ቋንቋ ተሞርኪዙ ኪቕየር ይኽእል እዩ፡፡ ንኣብነት ክልተ ቋንቋ ዝዛረቡ ቆልዑት ናብ ናይ ጀርመን ቋንቋ ዝዛረቡ ቆልዑት ዝመሃርሉ ቤት ትምህርቲ ሕጻናት ከምኡውን ናብ ቋንቋ ጀርመን ዝዛረቡ ኣዕሩኽቶም ኪኸዱ ከለዉ ንዓኣቶም ዘገድስዎም ንሳቶም ስለዝኾኑ እቲ ናይ ኣደ ቋንቋኦም ቁሩብ ግድፍ ከብልዎ ይኽእሉ ፡፡

## ዕለታዊ ምኽሪታት፡ ንውሉድካ እንታይ ክትገብር ከም እትኽእል !

ውሉድካ ሓደ ነገር ብጌጋ እንተ ጸዊዑ፡ ከይተገደስካ ኣቕልል ኣቢልካ ነቲ ቃል ድገሞ ወይ ብትኽክል ጸውዓዮ፡፡ እቲ ቆልዓ ደድሕሬኻ ነቲ ቃል ደጋጊሙ ከምዚጽውዕ ኣይትግበር፡፡

ነቲ ቆልዓ ሓደስቲ ቃላት ዘይፈልጦም ብቐጥታ ኺጥቀም ድፍኢት ኣይትግበረሉ ኢኻ፡፡

ትዕግስተኛ ኹን! ወላ እቲ ውሉድ በቲ ሓደ ቋንቋ እንተመለሰልካ እስኻ ግን ቋንቋኻ ኣዛርቦ፡፡ ውሉድካ ብክልተ ቋንቋታት እንዳተዛረበ  እንተ ዓብዩ፡ ንገለ ቁሩብ ዝተወሰነ ግዜ ነቲ ሓደ ቋንቋ ኺይጥቀመሉ ይኽእል፡፡

ውሉድካ ብኸምዚ ዓይነት ደረጃ እንተደኣ ኾይኑ ዚሓልፍ፡ ዝኾነ ድፍኢት ኣይትግበረሉ – ኣቕልል ኣቢልካ ንኽልቲኦም ቋንቋታት ብንጥፈት ኪጥቀመሉም ዘኽእሎ ኣጋጣሚታት ጥራሕ ክፈተሉ፡፡ እዚ ትኽክለኛ ክትገብረሉ እትኽእል መንገዲ እዩ፡፡

# ነቲ ጽውጽዋይ ምንባብ ሎሚ መዓልቲ ትቕጽል ዲኻ፧

ትፈልጥ'ዶ ...፧

10

ዓው ኢልካ ምንባብ ከምኡውን ብዛዕባኡ ምዝርራብ ክእለት ኣዘራርባ ናይቲ ቆልዓ ንምዕባይ ከምኡውን ውሉድካ ንቤት ትምህርቲ ንምድላው ብጣዕሚ ኣገደስቲ መንገዲታት እዮም፧

## *እቶም ክኢላታት እንታይ ይብሉ፧*

ስነ ፍልጠታዊ መጽናዕቲታት፣ ዓው ኢልካ ምንባብ ኣብቲ ቀዳማይ ዓመት ናይቲ ውሉድ ነቲ ናይ ቋንቋኡ ክእለት ኣብ ምምሕያሽ ኣወንታዊ ጽልዋ ከምዘሕድሩ የርእዩ፡፡

ዓው ኢልካ ምንባብ ከምኡውን ጽውጽዋይ ምንጋሩ ናይቲ ቆልዓ ናይ ቃላት ፍልጠት የዕብዮ እዩ፡፡ ንምንባብ ኾነ ንምጽሓፍ ወይ ንኽልቲኡ ጽቡቕ መሰረት ክትፈጥረሉ ትኽእል ኢኻ፣ ምኽንያቱ እቲ ዝተጻሕፈ ፊደል ምናልባት ካብቲ ዝዝረብ ቋንቋ ኪፈላለ ስለዝኽእል፣ እቲ ዓው ኢልካ ምንባብ ነቲ ቆልዓ ነቲ ናይ ጽሑፍ ቋንቋ ኪምህሮ እዩ፡፡

ጽውጽዋያት ዝሰምዑ ቆልዑት ናብ ቤት ትምህርቲ ምስ ከዱ ንኻልኦት፣ ኪጠቕሞም ዝኽእል ነገራት ካብቲ ጽውጽዋይ ኣልዒሎም ይነግርዎም፣ ንኣብነት፣ ምስማዕ ይመሃሩ፣ ኣብ ነገራት ምቱኳር ከምኡውን ናይ ምዝካር ክእለቶም የዕብዩ፣ ሓደሽቲ ቃላት ይመሃሩ፣ ሓደሽቲ ዓይነታት ናይ ሙሉእ-ሓሳባትን ካልኦት ነገራትን ይመሃሩ፡፡

## *ዕለታዊ ምኽሪታት፡ ንውሉድካ እንታይ ክትገብር ከም እትኽእል!*

በቲ/በቶም ቋንቋ/ታት ኣብ ገዛ እትዛረበሎም ጌርካ ኹሉ ግዜ ንውሉድካ ካብ ስእሊታትን ናይ ጽውጽዋያት መጻሕፍትን ኣንብበሉ ኢኻ፡፡

ካብ ብዙሓት ቤተ መጻሕፍቲ ብዝተፈላለዩ ቋንቋታት ዝተጻሕፉ መጻሕፍቲ ክትልቃሕ ትኽእል ኢኻ፡፡ ኣብቲ እትነብረሉ ኸባቢ ዘሎ ቤተ መጻሕፍቲ ዝኾኑ ብቋንቋ ዓድኻ ዝተጽሓፉ መጻሕፍቲ እንተ ኣለዉ ኾይኖም ሕተት፡፡

ቆልዑት ጽምብል ይፈትው እዮም! ዋላ ውሉድካ ይፈቱ እዩ! እቶም ናይ ደሓን ሕደር ጽውጽዋያት'ውን ጽምብል ኪኾኑ ይኽእሉ እዮም፡፡ ቆልዑት ሓደ ዓይነት ጽውጽዋይ ኹሉ ግዜ እንዳደጋገሙ ክሳዕ ብልቦም ዘጽንዕዎ ክሰምዑ ይደልዩ እዮም፡፡ ንውሉድካ ነቲ ጽውጽዋይ ደጊሙ ባዕሉ ንኺዛረቦ ኣበራትዓዮ፣ ንኣብነት፣ ሕቶታት ዘለዓዕሉ ብምሕታት ከተበራታትዖ ትኽእል ኢኻ፡፡

ዋላ'ኳ ክእለት ናይ ቋንቋ ጀርመን ኣዘራርባኻ ጽቡቕ እንተዘይኮነ፣ ብቛንቛ ጀርመን ዝተዳለዉ ብስእሊ ዝተደገፉ መጻሕፍቲታት ከተንብብ ትኽእል ኢኻ፡፡

ዓበይቲ ወለድን ካልኦት እምነት ዝግበረሎም ሰባት'ውን ንፋዓት ሰማዕትን፣ ንፋዓት ጽውጽዋይ ነገርትን እዮም፡፡

# ቴለቪዥን ክትርኢዶ ትደሊ ፧ ኣይደልን፤ የቐንየለይ! ካብ ኩሉ ብዝሓሸ ደስ ዝብለኒ ኣደይን ኣቦይን ምሳይ ኪጻወቱ ከለዉ እዩ!

ትፈልጥ’ዶ ...፧

ቆልዑት ብዝበለጸ ዝመሃሩ ምስ ካልኦት ሰባት ኪጻወቱ ከለዉ እምበር በይኖም ምስ ኮምፒውተር ክኾኑ ከለዉ ወይ ቴለቪዥን ክርእዩ ከለዉ ኣይኮነን፧

## እቶም ክኢላታት እንታይ ይብሉ፧

ምዝራብ ምምሃር ማለት፡ ቆልዑት ነቶም ዝዝረቡ ድምጺታት ኪሰምዑ ኣለዎም ጥራሕ ማለት ኣይኮነን፡ ብተወሳኺ ውን ትርጉማት ምፍላጥ ማለት እዩ፡ እንታይ ይበሃል ከምዘሎ ኪርድኡ ይግባእ።

ቆልዑት ኪመሃሩ ዝኽእሉ ብቐጥታ ርክብ ካብ ዘለዎም ሰባት እዮም፡ ንኣብነት፡ ካብ ወለዲ፡ ካብ ኣዝማድ ወይ ዳሕራይ ጸኒሖም ኸኣ ካብ ኣዕሩኽቶም እዩ።

ጽቡቕ ናይ ቆልዑት ፊሊማት ምስ ወለዲ እንተ ርእዮም ጠቓምቲ እዮም። ቴለቪዥን ምርኣይ ወይ ናይ ኮምፒውተር ጸወታታት ንስዓታት ምጽዋት ቆልዑት ይጎድእ እዩ፡ ዳርጋ ዋላ ሓደ ኸኣ ትምህርቲ ኣይረኽቡን እዮም።

## ዕለታዊ ምኽሪታት፡ ንውሉድካ እንታይ ክትገብር ከም እትኽእል!

ኣብቲ ዕለታዊ ምንቅስቓስ ውሉድካ ንኺሳተፍ ፍቐደሉ።

ሓደሽቲ ቃላት ንኺርዳእ ዕድል ሃቦ። መግቢ ንምኽሻን ወይ ንምስንካት ክሕግዝ፡ ምስ ማይ ኪጻወት፡ ምስ ሑጻን እምኒን ወይ ብጭቃ ዝተፈላለየ ቅርጺታት ከውጽእ፡ ካልኦትን፡ እዚኣቶም ካብ ተሌቪዥን ምርኣይ ንላዕሊ ብዝሓሸ ነቲ ቆልዓ ኪጠቕምዎ ዝኽእሉ መንገዲታት እዮም።

ውሉድካ ቴለቪዥን ይርኢ እንተ ኣሎ ኾይኑ፡ ፊሊም ክትመርጸሉ ከምኡውን ብዛዕባ እቲ ዝርኣ ዘሎ ተግባር ከተዕልሎ ይግባእ። ሽዑ እቲ ቆልዓ ብዝሓሸ መንገዲ ይርድኦ ከምኡውን ካልኦት ሓደሽቲ ቃላት ክመሃር እዩ።

ካብ ቤተ መጻሕፍቲታት ብዙሓት ጽቡቕ ጸወታታት ዝሓዙ ክትልቃሕ ትኽእል ኢኻ። እዚ ኸኣ ብማእከላይ ዝኾነ ወጻኢ ለውጢታት ከተምጽኡን፡ ሓደሽቲ መለዓሊታት’ውን ከተቕርቡሉ የኽእለኩም እዩ።

# ምስ ካልኦት ቆልዑት ክኸውን እደሊ እየ!

**ትፈልጥ'ዶ ...፧**

**ቆልዑት ጽቡቕ ጌሮም ቋንቋ ጀርመን ኪመሃሩ እንተኾይኖም፣ ካብ ንእስነቶም ጀሚሮም ቋንቋ ጀርመን ዝዛረቡ ኣዕሩኽ ክጥርዩ ኣለዎም ወይ ኸኣ ናብ ጉጅለ ጸወታ ኪኸዱ ከምኡውን ናብ ቤት ትምህርቲ ህጻናት ኪኸዱ ኣለዎም፧**

## *እቶም ክኢላታት እንታይ ይብሉ፧*

ጽቡቕ ክእለት ቋንቋ ጀርመን ንውሉድካ ኣድላዪ ነገር እዩ፣ እዚ ኸኣ ኣብ ሂወቱ የድልዮ፣ ኣብ ቤት ትምህርቲ ዘለዎ ድሕነት ከምኡውን ስራሕ ንምርካብ የድልዮ እዩ።

ውሉድካ ጽቡቕ ጌሩ ቋንቋ ጀርመን ንኪመሃር፣ ነቲ ቋንቋ ንኺሰምዕን ንኺዛረብን ከምኡውን ጽቡቕ ጌሩ ንኺለዓዓል ዝተፈላለዩ ተኽእሎታት የድልይዎ እዮም። ነዚ ኸኣ ቋንቋ ጀርመን ጽቡቕ ጌሮም ዝዛረቡ ኣዕሩኽ ብጣዕሚ ጽቡቓት መለዓዓልቲ እዮም።

ዝገብርዎ ስሩዕ ምዱብ ተሳትፎ ኣብ ጉጅለ ጸወታ ወይ ቤት ትምህርቲ ህጻናት ካብ ሳልሳይ ዓመቶም ጀሚሩ ነቲ ዝዛረቦ ቋንቋ ጀርመን የጠናኽሮ ከምኡውን ንቤት ትምህርቲ ጽቡቕ ጌሩ ከምዝዳለው ይገብሮ እዩ። ዋላ'ኳ ቋንቋ ጀርመን ኣብ ገዛኻ ኣይትዛረብ፣ ውሉድካ ግን ከምዞም ዝተጠቕሱ ዘበሉ ተኽእሎታት እንድሕር እንተ ኣለውዎ ኪመሃር ይኽእል እዩ።

## *ዕለታዊ ምኽሪታት፡ ንውሉድካ እንታይ ክትገብር ከም እትኽእል!*

ውሉድካ ናብ ኣዕሩኽቱ ምብጻሓት ኪገብር ኣበረታትዓዮ ወይ ናብ ገዛኻ ንኪዕድሞም ኣበረታትዓዮ ኢኻ። ብልምዲ፣ ቆልዑት ኣብ ዕለታዊ ሂወቶም ኪጥቀምሉ ዘድልዮም ቋንቋ ብጣዕሚ ቀልጢፎም እዮም ዝመሃርዎ።

ንውሉድካ ካብ ክልተን ፈረቓን ክሳዕ ሰለስተ ዝዕድሚኡ ምስኮነ ኣብቲ ጉጅለ ጸወታ ኣመዝግቦ ኢኻ።. ኣብዚ ከባቢ ዕድመ ዝርከቡ መብዛሕተኦም ቆልዑት ሓደሽቲ ኣዕሩኽ ንምጥራይ ኣቶኹሮም ምርኣይ ኾነ ከምኡውን ኣብ ጸወታትን ንጥፈታትን ምስ ካልኦት ቆልዑት ኮይኖም ንምስታፍ እኹላት እዮም።

ምናልባት ንስራሕ ወይ ንትምህርቲ እንተ ኣድልዩ፣ ኣብቲ ናይ ነርሰሪ መዓልቲ ኣቐዲምካ ኣቴንዳንስ ንክዳለዉ ኺምከር ይኽእል እዩ።

እቲ ኣብ ገዛ እትዛረቦ ቋንቋ ካብ ቋንቋ ጀርመን ወጻኢ እንተ ኾይኑ፣ ነቲ ቆልዓ ምስ ኪጠቕምዎ ዝኽእሉ ሓደሽቲ ቃላትን ኣገላልጻታትን ብጸወታ መልክዕ ጌርካ ብምፍላጥ ከተዳልዎ ትኽእል። ድሌት ናይቲ ቆልዓ ነኸተለዓዕሎ ፈትን ኢኻ።

ብዙሕ ቋንቋታት ምኽኣል ከመይ ኣድላዪን ደስ ዘብልን ከምዝኾነ ከምዝርዳእ ግበር ኢኻ።

12

ከነተኩረሎም
እንደሊ ነገራት ...

ቋንቋታት እንተ ዘይኰስኰስናዮም ይርስዑ፡፡ ነዚ ንምክልኻል ኸኣ ነቲ ቋንቋ ክንኰስኰሶን ክንጥቀመሉን ይግባእ እዩ፡፡

ውሉድካ ናብ ቤት ትምህርቲ ህጻናት ዳሕራይ ኸኣ ናብ ቤት ትምህርቲ ዝኸይድ እንተ ኾይኑ ቋንቋ ጀርመን ምፍላጡ ኣገዳሲ ነገር እዩ፡፡ ነዚ ኸኣ ሓገዝካን መበራትዒን የድልዮ እዩ፡፡ ግን ኸኣ ቋንቋኻ ወይ ቋንቋ ቤተ ሰብካ ምጥቃምካ ክይትርስዕ ኢኻ፡፡

ኣብያተ ትምህርቲ በቲ ናይቲ ውሽጢ ዓዲ ቋንቋን ባህልን (HSK) ስልጠናታት ይህቡ እዮም፡፡ እዚ ኸኣ ነቲ ቀዳማይ ቋንቋ ንምዕባይ ጽቡቕ ኣጋጣሚ ይኸፍት፡፡ ብዛዕባኡ ሕተት ከምኡውን ንውሉድካ ኣመዝግቦ ኢኻ፡፡

ጋዜጣታትን መጻሕፍቲን ኣንብብ ድሕሪኡ ኸኣ ብዛዕባ ሓደሽቲ ኣርእስታት ምስ ውሉድካ ተዘራረበሉ ኢኻ! እዚ ኸኣ ንኽልቴኹም ማለት ንዓኻን ንውሉድካን ናይ ቋንቋ ክእለትኩም የዕብዮን የስፍሖን እዩ፡፡

ንውልድካ ብክልቲኡ ማለት ብቋንቋ ጀርመን ኾነ ብኻልኦት ቋንቋታት ንኽንብብ ኣለዓዕሎ ኢኻ፡፡

ኣብ ልዕሊኡ ኸኣ ቋንቋ ጀርመን ኾነ እንግሊዝኛ፣ ውሉድካ ተወሳኺ ቋንቋ ምዝራብ ምኽኣሉ ዘሐጉስ እዩ፡፡ እዚ ኸኣ ጽቡቕ ስራሕ ናይ ምርካቡ ዕድል የዕብዮ እዩ፡፡

ቋንቋ ክቡር ሃብቲ እዩ፣ እዚ ማለት ኸኣ ኩሎም ቋንቋታት ዘጠቓልል እዩ፡፡ እንተ ማዕቢሉን ብጽቡቕ ተታሒዙን ዋጋ ናይቲ ቋንቋ ይዓቢ እዩ፡፡ ኣብዚ ሕጂ ዘለናዮ ግዜ ኣብ ስራሕን ኣብ ሕብረተሰብን ጽቡቕ ናይ ቋንቋታት ክእለት ኣድላዪ እዩ።

# ንኣደታትን ንኣቦታትን (ንወለዲ) ምኽሪታትን ሓገዝን ዘዳልው ወሃብቲ ኣገልግሎት ትካላት

## Mütter- und Väterberatung
## (ናይ ምኽሪ ማእከል ንኣደታትን ኣቦታትን)

ኣብ ማእከል ምኽሪ ሞያውያን ናይ ኣደታትን ኣቦታትን ብዛዕባ ጥዕናን ኣመጋግባን ከምኡውን ብዛዕባ ኣተዓባብያ ቆልዓ ብዝምልከት ክትዛራረቡን, ክትመያየጡን ትኽእሉ ኢኹም። ንመዓልታዊ ፍጻመታት ብዝምልከት ብዛዕባ ኣተኣላልያን ኣተዓባብያን ቆልዓ ሓገዝ ኪኢላ ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም። ብተወሳኺ ምስ ካኣሎት ስድራቤት (ወለዲ) ናይ ምርኻብ ኣጋጣሚ ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም።

## Gemeindeverwaltung
## (ኣብ ከባብይዊ ምምሕዳርኩም)

ሓበሬታ ብዛዕባ ሓገዝ ናይ ቆልዓ፣ ጉጅለ ጸዋታ ከምኡውን ብዛዕባ ቅድመ ትምህርቲ ምጅማር፣ ኣብ ከባቢኩምን መንበሪ ቦታኩምን ዝርከብ ከባብይዊ ምምሕዳር ወይ በዚ ዝስዕብ ናይ ኢንተርነት ኣድራሻ www.kinderbetreuung-zug.ch ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም።

## Bibliotheken und Ludotheken
## (ቤት ጽሕፈትን ናይ ቆልዓ መጻወትን ቤትንባብን ኣብያተ መጻሕፍትን)

ቤት ንባብን ከምኡውን ናይ ቆልዓ መጻወትን (ባምቡላ) መጻሕፍትን ከለቅሑ ዝኽእሉ ኣብ ብዙሓት ቦታታት ክርከቡ ይኽእሉ እዮም ። ኣብቲ ትነብርሉ ውሽጢ ዓዲ ዘሎ ቤተ መጻሕፍቲ፣ እንድሕር ናይ ቆልዑት መጻሕፍቲ፣ ብቀዳማይ ብቋንቋኻ ወይ በቲ ናይ ቤተሰብ (ብናይ ስድራቤት) ቋንቋ ዝርከብ እንተ ኾይኑ ሕተት ኢኻ ። መጽሓፍቲ ብዝተፈላለየ ቋንቋታት ኣብ ብዙሓት ቤት መጽሓፍትን, ቤትንባብን ይርከቡ እዩም።

## Erziehungsberatung
## (ምኽሪ ወሃብቲ ብዛዕባ ኣተዓባቢ.ያ ቆልዓ)

ምኽሪ ብኣካል መጺእካን ብተለፎንን፣ ሕቶ ብዛዕባ ኣተዓባቢ.ያ ደቅኹምን እንተ ኣሊኩም እቲ ምኽሪ ማእከል ይተሓባብረኩም፣ ምስኡ ድማ ኣብ ከበድ ኩነታት ንኣብነት ፍርሒ፣ ዋዒ፣ ባእሲ ኣብ ሞንጎ ይሕዋት፣ ጸገማት ምርድዳእ ምስ መሳቱ ምስ ዝህሉ መፍትሒ ንክትረኽቡ ይሕግዙኹም።

## Logopädischer Dienst
## (ብሕክምናውን ትምህርታውን ኣዛራርባ ኣገልግሎት)

ኣብቲ ሕክምናውን ትምህርታውን ኣዛራርባ ኣገልግሎት ብዝተፈላለየ መገድታትን ኣገባብን እቲ ቆልዓ ይሕገዝ፣ እቲ ዕላማ ናይ ኣዛራርባ ጉድለት ብቁልጡፍ ክፍለጥ ክሕገዝ ክእለቱ ከበርቶዖ ኢዩ።

## Heilpädagogischer Früherziehungsdienst
## (ናይ ተሓድሶ ትምህርታዊ ኣገልግሎት ንቆልዑ ቅድሚ ቤት ትምህርቲ ምጅማሮም)

እቶም ናይ ተሓድሶ ትምህርታዊ ኣገልግሎት ንቆልዑ ቅድሚ ቤት ትምህርቲ ምጅማሮም ናይ ውሉድካ ናይ ዕብየት ደረጃኡ ግልጺ ጌሮም የቕርቡ ከምኡውን ብዛዕባ ናይቲ ቆልዓ ሰብኣዊ መንነት ኾነ ብዛዕባ ትምህርቱ/ታ መልሲ ይህቡ። ንውሉድካ ኪጻወት ከሎ ኾነ ምስ ዕለታዊ ሂወቱ ብዝተዛመደ ፍሉይ ሓገዝ ይግበረሉ እዮ፣ እዚ ኸኣ ዘለዎ/ዋ ክእለት ከምዝዓቢ ዝገብር እዩ።

## Schulpsychologischer Dienst
## (ቤት ትምህርቲ ሓኪም ናይ ስነ ኣእምራኣዊ (ሳይኮሎጂካዊ) ኣገልግሎት)

እቲ ናይ ቤት ትምህርቲ ሓኪም ናይ ስነ ኣእምራኣዊ (ሳይኮሎጂካዊ) ኣገልግሎት ብምኹን ከምኡውን ንሕቶታት ብዛዕባ ትምህርቲን ቤት ትምህርቲን ኣመልኪቱን ሓቢሩን ዝሕግዝ እዩ።

## Kinder- und Jugendpsychiatrischer Dienst
## (ናይ ቆልዑትን መንእሰያትን ሓኪም ናይ ስነ ኣእምራኣዊ (ሳይካትሪ) ኣገልግሎት)

ኣገልግሎት ስነ ኣእምራዊ ሕክምና (ሳይክያትሪ) ህጻናትን መንእሰያትን ካንቶን ዙግ፣ ንኣእምራውን፣ ኣእምሮ- ኣካላውን፣ ኣእምሮ- ማሕበረሰባውን ጸገማት ዘለዎም ህጻናትን መንእሰያትን፣ መግለጺታትን ፍወሳን ዝህብ ሕክምናዊ ትካል እዩ።

## Psychomotorik-Therapie
## (ስነ-ኣእምሮኣዊ ምስ ኣከላታዊ ምንቅስቓስ ሕክምና)

ኣብቲ ስነ-ኣእምሮኣዊ ምስ ኣከላታዊ ምንቅስቓስ ሕክምናን ጸወታን ምንቅስቓስን ቀንዲ ወሳኒ ኢዩ፣ እቲ ቆልዓ ንበይኑ ወይ ምስ ካልኦት ቆልዑ ኮይኑ ኣብ ዝተሓጸረ ቦታ ሓድሽ ነገር ክፍትን ክመሃርን ይኽእል፣ ከምኡ ገሩ ነብሱ ክመልኽን እንዳ ኣመሓየሸ ይመጽእን ብነብሱ ይተኣማመንን ኢዩ።

## ኣድራሻታት ብዛዕባ እዚኤን ኣገልግሎታት ዝህባ ትካላት በዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ትረክቡ ትእኩሉ ኢኩም ፧

***sozialverzeichnis.zug.ch***
***www.zug.ch/sozialamt***

ጠለባት:

(Tigrinya)


Kantonales Sozialamt
Neugasse 2
6300 Zug

empfang.postplatz@zg.ch
www.zug.ch/sozialamt



Unterstützt vom
Kanton Zug

Direktion des Innern